## መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ምዓስ ተጸይቑ ?

(1ይ ክፋል) ሓጎስ ወልዱ 11.01.2003

መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ጸረ-ሕዝቢ ኸኸውን ምዓስ ጀሚሩ ንዝብል ሕቶ ከከም ተሞኩሮና ዝተፈላለዩ መልሲታት ንህበሉ። ገለ ካብቲ መልሲታት እውን፣ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ከምቲ ኣቦታት ዝብልዎ "ቆርበት ተበላሽያ ኣብ ምንታያ ኣብ ምስጣሓ ኣይፋልን ኣብ ምስጣሓ እንታይ ድኣ ኣብ ምጥባሓ" ዝተባህለ ካብ ምእታው ኢሳያስ ንዓላ ክብሃል ዝክኣል እኳ እንተኾነ እቲ ቀንድስ ካብ 1976 ኢዩ ተብላሺዩ። ስለምንታይ 1976 ኩሉ ከም ዝፈልጦ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ናይ ህዝባዊ ሓይልታት ዝተገብረሉ ንውክልና ተጋደልቲ ዝድለ (ብመሪሕነት) ዝንባሌ መንካዕ ዘይብሉ፣ ዝንባሌ የሚን ዘይብሉ ናይ ሕቡእን ዝንባሌ ዘይብሉ ብውሑዱ ክልተ ዓመት ኣብ ህዝባዊ ግንባር ዝገበረ ጥራይ ክብሃል እንክሎ ነየናይ ፈሊኻን ነጺልካን እትደልዮ ሰብ ቀሪብካ ናይ ውሽጢ ውጥንካ ምክያድ ዝተጀመረላ ዓመት ስለ ዝነበረት ኢዩ ፍጹም መሰል ወዲ ሰብ ዝተገፈሉ ስለ ዝነበረ ኢዩ።

ሳላ ዘመነ Internet ልጓም ናይ ምጽሓፍን ምንባብን ስለ ዝፈረሰ ኩሉ ሰብ ከከም ደረጃ ቃንዝኡ ሓሳባቱ ክገልጽ መሰረታዊ መሰሉን ናይ ተሞክሮታትና ምልውዋጥን ቅቡል ኢዩ። ሓንቲ ነገር ዘይቅብልቲ ዝብላ ኣነ፣ ዘይኩርምትኻስ ሑጻ እንተትቑርጥመሉ ዝብሃል ምስላ ተኸቲልና፣ ንቃንዛን ስቓያትን ካልኦት ከም ዘይናህና ቆጺርና፣ እንብትኖም ጽሑፋት ኢያቶም።

እምብኣር ካብዚ ቀጺለ ነቲ፣ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ጸረ-ሕዝቢ ኸኸዉን ምዓስ ጀሚሩ ዝብል ሕቶ ኣነ ብዓቕመይ ክምልሶ ክፍትን ኢየ።

ኣነ ንህ.ግ.ሓ.ኤ ካብ 1974 ክሳብ 1979 ኣጸቢቐ ትዓዚበያ ኢየ። ክሳብ 1976 ኣነ ካብ ከተማ ሃዲመ ኣብ ሃገረ-ሰብ ኣብ ዝቕመጠሉ ዝነበርኩሉ ግዚያት፣ 1977 ኣብ ህ.ግ.ሓ.ኤ ዝሓዘቶ ከተማታት ኤርትራ ኮይነ፣ ካብ 1978 ክሳብ 1979 ከኣ ኣባል ሰራዊት ህ.ግ.ሓ.ኤ ብምንባረይ።

እቲ ኩሉ ታሪኸይ ብሰፊሑ ብኢደይ ጽሒፈ ወዲአዮ ኣሎኹ። ክሳብ ብኮምፑተር ተጻሒፉ ናብ ኣንበብቲ ዝቐርብ ግን ጊዜ ክወስድ ኢዩ። በዚ ምኽንያት እዚ ከዓ፣ ገለ-ገለ ካብ ጽሑፋተይ ከካፍለኩም መዲበ ኣሎኹ።

ኣብ ህ.ግ.ሓ.ኤ, ኣንታ ጃሱስ፣ ተበላጺ፣ ካበይ ተበጊስካ ናበይ ንምብጻሕ ኢኻ፣ ሕማም በለጽ ኢዩ ሕማምካ፣ ተልእኾ ኣሎካ፣ ቀምሽ ኣደይ ሓኝኹሊኒ ዲኻ ክትብል ደሊኻ፣ ንኡስ ቡርጅዋ፣ ምሁር፣ ሳሕዳይ ይብሉ። ኣብ ግዜ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ትኽስ ምባል ንዕቀት ናይ ውድብና ኢዩ ይብሉ፣ ወ.ዘ.ተ...ስለዚ ኣነ ኣብ ጽሑፋተይ "... ወዘተ" ክብል ከሎኹ እዚታት ማለተይ ኢየ።

*ኣብ ግዜ ካልኣይ ወራር ( ሕዳር 1978 )*

........ ኣስታት ሰለስተ ሰሙን ድሕሪ ምፍራስ ሰሜናዊ ግምባር ኣብ ዒን ዝብሃል ቦታ በጻሕና። ሰራዊት ኢትዮጵያ ድፋዕ ናይ ዓዲ ያዕቆብ ምስ ኣፍረሶ ካብ ኣብ ገረሚ ዝነበረ ድፋዕና ብለይቲ ኣዝለቕና። ኣብ ኣፍደዪ ከኣ ዓረድና። ሰራዊት ኢትዮጵያ ካብዛ ቦታን መዓልቲን እዚኣ ጀሚሩ ኣጥቃዒ ንሕና ከኣ ተኸላኸልቲ ኮንና። ኣስታት ሓደ ሰሙን ድሕሪ ምፍራስ ሰሜናዊ ግምባርን፣ ናይ ሓደ ሰሙን ናይ ጉሪላ ውግእ ኣብ ካርነሽምን፣ ኣብ ሞግአ ዝብሃል ዓዲ ዓ ረድና። ድሕሪ ቁሩብ ምዓልታት ከኣ *( ኩሉ ምስ ሓለፈ ከም ዝሰማዕኩዎ፣ ሰራዊት ኢትዮጵያ ብባሕሪ ገይሩ ዒን ኣትዩ ብድሕሪት ይመጽኣና ኣሎ ተባሂሉ)* ድፋዕ ናይ ሞግአ ብለይቲ ገዲፍናዮ፣ ጽርግያ ፍልፍል ሒዝና ኣጋ ወጋሕታ ፍልፍል በጻሕና። ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣበይ ከም ዝነበረ ስለ ዘይፈለጥናን፣ "ሰለይቲ"፣ ማለት ተጋደልቲ ከይሃድሙናን ከኣ፣ ጥይት ኣብ ዓ ንቀር ኣሕሊፍና ንጉዓዝ ነበርና.። "ወይለኻ ነፍሲ-ውከፍ ተጋዳላይ፣ቅድመኻን ድሕረኻን ዝኸይድ ዘሎ ተጋዳላይ ምስ ዝሃድም፣ንሽኻ ኢኻ ብሓላፍነት ትሕተት" ዝብለ መሰማዕታ ትዋሃበና።

......... ውግእ እናተኻየደ ከሎ ክዓ ዒን በጻሕና። ግና ቦጦሎኒና ሓንቲ ጥይት ከይተኮሰት እቲ ውግእ፣ ብካልኦት ኣሃዱታት ተወድአ።

ዋርድያ ገይርና ኣዕረፍና። ዕረፍትና ምስ ወዳእና ከዓ፣ በራኺ ኮሚሽነር ናይ ሓይሊ ዘረባ ጀመረ። " ኣብ ውሽጥና ሰለይቲ፣ ውሽጣውያን ኣድሓርሓርቲ፣ ወ.ዘ.ተ.... ኣሎውና። እዞም ኣብ ትሕቲ ዓዳይ ኮፍ ኢልኩም ንሩሲያ ኣድሓርሓሪት ኢያ ትብሉ ዘሎኹም፣ ወይለኹም....."

ሓደ ክልተ ተጋደልቲ "ርእይቶ ኣሎና" ብምባል ተንሲኦም ንህ.ግ.ሓ.ኤ ሞጕሶም ምስ ወድኡ ንዓይ፡ ኢ.ደይ ድሕሪ ዊጥ ምባለይ ክዛረብ ተፈቒደለይ እሞ ከምዚ ይስዕብ በልኩ። ንሕና ንስዋእን፡ ንቑረጽን፡ ንሳቐይን ወ.ዘ.ተ... ኣሎና። እዚ ኩሉ ከዓ ብሓገዝ ናይ ሩሲያ ኢ.ዩ ዝወርደና ዘሎ....። ኣብ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ከዓ፡ ክልተ ገስገስቲ ነንሕድሕዶም ኣይዋግኡን ኢዮም ........ ዝብል ተማሂርና። ስለዚ ኣነ ህ.ግ.ሓ.ኤ ገስጋሲት ቃልስና ከኣ ልክዕ ኢ.ዩ ቢ.ለ ይኣምን። ስለዚ ህ.ግ.ሓ.ኤ ገስጋሲት ካብ ኮነት ኣነ ሩሲያ ኣድሓርሓሪት ኢ.ያ ቢ.ለ ይኣምን... በልኩ።በሪኺ ተፋሕሰ፡ ሃደደ፡ "ነጥቢ ስነ-ስርዓት" ብምባል ከዓ ዘረባይ ኣቝረጸኒ። እቲ ልሙድ ጸርፌታት ድሕሪ ምድርባዩ ከዓ " ንሩሲያ ኣድሓርሓሪት ኢ.ያ ዝብል ኣብ ዓለም ገስጋሲ ደምበ የልቦን ማለቱ ኢ.ዩ። ኣብ ዓለም ገስጋሲ ደምበ የልቦን ዝብል ከዓ ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣድሓርሓሪት ኢ.ያ ማለቱ ኢ.ዩ በለ።
ነዛ ዘረባ እዚኣ ክዓ ኣእዳወይ ንድሕሪት ተኣሲረላን፡ ብኣብትርትን፡ እሾኽን፡ ስላዕን ተገሪፈላን ኢ.የ።

እዚ ክብል ከሎኹ፡ ክቡራት ኣንበብቲ፡ ኣነ ኣብ ህ.ግ.ሓ.ኤ ለዉጢ. ከምጽእ ይቃለስ ኣይነበርኩን። ናተይ ድሌት ዝነበረ ህዝበይ ምእንቲ ክርህዎ ግምባረይ ብጥይት ኢ.ትዮጵያ ክትፍገም ኢ.ዩ። እቲ ሓቂ ከኣ ብረት ዘልዓለ ባርያስ ንብረት ዘይብሉ ሕዝቢ ራህዋ ከምጽኣሉ ከምዘይክእል ኢ.ዩ። ስለዚ ኣነ ሕልናይን ኣካለይን ከሰማምዖ ኢ.የ ይፍትን ነይረ። ነዚ ዕላማ እዚ ከዓ ክግረፍን ክመዉትን ደልየ ዘይኮንኩስ፡ ብዘይ ሕልናይ ዘይትእዘዝ ነብሲ ስለ ዘላትኒ ጥራሕ ኢ.የ ተቓሊሰ። ወረ ሓደ ግዜ ኣብ ገረሚ ከሎናስ "ንሸፋትኩም ድኣ ካብ ደርጊ ብምንታይ ትፍለዩ።ኣነ ክሳብ ሕልናይ ዝፈቐደለይ ምሳኻትኩም ኣሎኹ፡ ምሳኻትኩም ዘይሰማምዓኒ እንተ ኾይኑ ግን ክገድፈኩም ኢ.የ" በልኩዎም እሞ፡ እቲ መራሒ ጋንታይ፡ "እዚ ሰብ እዚ ክሃድም ይሓስብ ኣሎ እሞ ክሃድም እንተ ርእይኹሞ ሒ.ዝኩም ኣምጽኡለይ........ ባዕለይ ክርሽኖ ኢ.የ" በሎም።

ዘልዓለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትናን "ሰለይቲ" ተባሂ.ሎም ዝተቐትሉ ኣሕዋትናን
ሰላምን ፍትሒ.ን ንህዝብናን እሱራትናን
ውድቀት ንልጅ ኢ.ሳያስን ደቀ መዛሙርቱን

ይቕጽል።
ሓጎስ ወልዱ
knzareb@gmx.de